# وجوب العمل بالسنة وكفر من أنكرها

# ብሱና (መንገዲ) ረሱል (ሰላትን ሰላምን ይብጾሓዮም) ምሰራሕ ግድነት ኮይኑ ንዕኡ ዘይቕበል ድማ ካብ እስልምና ምውጽኡን ይምልከት፤

# ብሱና (መንገዲ) ረሱል (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ምሰራሕ ግድነት ኮይኑ ንዕኡ ዘይቕበል ድማ ካብ እስልምና ምውጽኡን ይምልከት፤

## ኣዳላዊ:

ሼኽ ዓብዱል ዓዚዝ ቢን ዓብዲላህ ቢን ባዝ (ኣላህ ይርሓመሎም)

ብስም ኣዝዩ ሩህሩህን ኣዝዩ ራህራህን ዝኾነ ኣላህ ድርሰተይ [ጽሑፈይ] እጅምር

## መእተዊ

ምስጋና ንናይ ዓለማት ጎይታ ዝኾነ ኣላህ ዝተገበአ እዩ፡ ሰናይ ዝኾነ መወዳእታ ከኣ ነቶም ኣላህ ዝፈርሑ እዩ፡ ናይ ኣላህ ውዳሰን ሰላምን ድማ ኣብ ልዕሊ ባርያ ኣላህን፡ ልኡኹን ዝኾኑ፡ ንዓለማት ምሕረት ዝተላኣኹ ነቢይና ሙሓመድ ይውረድ። ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ እቶም ንመጽሓፍ ፈጣሪኦምን መንገዲ ነቢዮምን ብእምነትን ብጥንቃቐን ተቀቢሎም፡ ቃላቱን መልእኽቱን ከምዘለዎ ናብ ቀጻሊ ትውልዲ ዘመሓላለፉ ኣዝማዶምን ሳዓብቶምን ብጾቶምን ይውረድ። ኣላህ ሰናይ ስርሖም ይፍተወሎም ንዕኦም ውን ይፍተዎም፡ ከምኡ ውን ንዓና ብሰናይ ምግባር ካብ ዝስዕቡዎምን፡ ንኹሉ ህዝቢ መርትዖን ይግበረና፡

ካብኡ ብምቅጻል

ብርግጽ ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ዑለማእ (ሙሁራት) እስልምና፡ ሕጋጋት(ፍርድታት) እስልምና ኣብ ምቕማጥን፡

ሓላልን ሓራምን ኣብ ምብራህ መሰረታዊ ዝኾነ፡ ብቕድሚኡን ብድሕሪኡን ሓሶት ዘይመፃ ቁርኣን ከምዝኾነ ተሰማሚዖም እዮም። ብድሕሪኡ ድማ ናይቶም ካብ ኣላህ ራእዪ ዝወርደሎም እንተዘይኮይኑ ብኣፎም ዝሃቦም ዘይዛረቡ (ነቢይ ሙሓመድ ኣላህ ሰላቱን ሰላሙን የውርደሎም)ሱና (መንገዲ) እዩ። በድሕሪኡ ከኣ ናይዛ ኡመት (ናይ ኢስላም ህዝቢ) ዑለማእ ብሓባር ዝተሰማመዑሉ ከምዝኾነ ዑለማእ ኢስላም ኣስሚሮምሉ እዮም። ኣብተን ካልኦት ናይ ፍርድታት እስልምና መሰረት ዝኾና ብቀዳምነት ከም ቅያስ(ሓደ ነገር ናይ ዝመስሎ ፍርድታት ምውሃብ) ዝኣመሰሉ መሰረታት እኳ እንተ ዘይተሰማመዑ፡ ቅያስ ግን እተን ኣድለይቲ ቅድመ ኹነታት እንተደኣ ኣማሊኡ መብዛሕትኦም ዑለማእ ከምዝቕበልዎ ይፍለጥ። ናይዘን ዘጠቓስናየን መሰረታት ጭብጥታት ቆጺርካ ዝውዳእ ኣይኮነን፡ ካብ ምጥቃስ ዝድሕኖ ውን ተፈላጥነት ኣለዎ።

## ብይናት ኢስላም ኣብ ምቕማጥ ወሰንቲ ዝኾና መሰረታት፡

### እቲ ቀዳማይ መሰረት: እቲ ክቡር ዝኾነ መጽሓፍ ናይ ኣላህ እዩ።

ቁርኣን ናይቲ ሰዓሪ ዝኾነ ጎይታና ቃል ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት መጽሓፉ ክንኽተሎን፡ ኣትሪርና ክንሕዞን፡ ካብ ትእዛዛቱ ከይንሓልፍን ግዴታ ጌሩልና እዩ።

ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል:

﴿وَهَذَا كِتَابٌ أَنْزَلْنَاهُ مُبَارَكٌ فَاتَّبِعُوهُ وَاتَّقُوا لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ﴾

{እዚ ዘውረድናዮ ዝተባረኸ መጽሓፍ እዩ  ተኸተልዎ ካብ ኣላህ ውን ተጠንቀቑ(ፍርሑ) ምእንታን ክርህርሀልኩም}

ከምኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

﴿قَدْ جَاءَكُمْ رَسُولُنَا يُبَيِّنُ لَكُمْ كَثِيرًا مِمَّا كُنْتُمْ تُخْفُونَ مِنَ الْكِتَابِ وَيَعْفُو عَنْ كَثِيرٍ قَدْ جَاءَكُمْ مِنَ اللَّهِ نُورٌ وَكِتَابٌ مُبِينٌ يَهْدِي بِهِ اللَّهُ مَنِ اتَّبَعَ رِضْوَانَهُ سُبُلَ السَّلَامِ وَيُخْرِجُهُمْ مِنَ الظُّلُمَاتِ إِلَى النُّورِ بِإِذْنِهِ وَيَهْدِيهِمْ إِلَى صِرَاطٍ مُسْتَقِيمٍ﴾

{ ብርግጽ ልኡኽ ሰዲድናልኩም ካብቲ መጽሓፍ ብዙሕ ትሓብኡዎ ነገር ንዓኹም ዘብራሃልኩምን ብዙሕ ዝምሕርን፡ከምኡ'ወን ልኡኽና ብርግጽ መጺኩም ካብ ኣላህ ብርሃንን ገላጺን ዝኾነ መጽሓፍ 'ውን መጺኩም፡ ኣለህ ዝፈትዎ መንገዲ ዝተኸተለ ሰብ ብኡ መንገዲታት ሰላም ይመርሖ ከምኡ'ውን ብፍቓዱ ካብ ጸልማታት ናብ ብርሃን የውጽኦም ናብ ቕኑዕ መንገዲ 'ውን ይመርሖም}።

ከምኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

﴿إِنَّ الَّذِينَ كَفَرُوا بِالذِّكْرِ لَمَّا جَاءَهُمْ وَإِنَّهُ لَكِتَابٌ عَزِيزٌ لَا يَأْتِيهِ الْبَاطِلُ مِنْ بَيْنِ يَدَيْهِ وَلَا مِنْ خَلْفِهِ تَنْزِيلٌ مِنْ حَكِيمٍ حَمِيدٍ﴾

{እቶም ቁርኣን  ምስ መጸኦም ብእኡ ዝኸሓዱ(ጥፉኣት እዮም)፡ ንሱ ኣሸናፊ እዩ፡ ብቅድሚኡ ይኹን ብድሕሪኡ ሓሶት ኣይመጽኦን እዩ፡ ካብቲ ጥበበኛን ምስጉንን ዝኾነ ዝወረደ እዩ }

ከምኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

﴿ وَأُوحِيَ إِلَيَّ هَذَا الْقُرْآنُ لِأُنْذِرَكُمْ بِهِ وَمَنْ بَلَغَ﴾

{በዚ መጽሓፍ ንዓኹምን ንዝበጸሖን ከጠንቅቐሉ ናባይ ዝወረደ እዩ}

ከምኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

﴿ هَذَا بَلَاغٌ لِلنَّاسِ وَلِيُنْذَرُوا بِهِ﴾

{እዚ ቁርኣን ንሰባት መግለጺ እዩ፡ ብኡ ውን ንክፈራረሑሉ}

ኣብዚ ኣርእስቲ ብዙሓት ዓንቀጻት ክንጠቅስ ንኽእል ኢና። ተኽክለኛ ዝኾነ ናይ ነቢይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ሓዲሳት ከምዝገልጾኦ ፡ ንቁርኣን ኣትሪርካ ምትሓዝን ብኡ ምምራሕን ከምዝግባእ፡ ከምኡ ውን ንዕኡ ኣትሪሩ ዝሓዘ ኣብ ቅኑዕ መስመር ከምዝኾነን፡ ንዕኡ ዝገደፈ ከኣ ኣብ ጥፍኣት ከምዘሎን እዩ ዘረድእ።

ሓደ ካብተን መልእኽትታት ነቢይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ኣብቲ ናይ መሰናበቲ ሓጅ ዝሃብዎ ኹጥባ ዝበልዎ እዩ፡-

( إِنِّي تاركٌ فيكُمْ مَا لَنْ تضلوا إِن اعْتَصَمْتُمْ بِهِ كِتَابَ اللهِ)

(ኣትሪርኩም እንተ ሒዝኩሞ ዘይትጠፍኡሉ ነገር ምሳኹም ገዲፈልኩም ኣለኹ፡ ንሱ ድማ መጽሓፍ ኣላህ እዩ)

ኢማም ሙስሊም ኣብ መጽሓፎም ኣውሪዮሞ

ከምኡ'ውን ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ካብ ዘይድ ኢብን ኣርቀም ኣብ ዝተሓበረ ሓዲስ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ንዐኦም ይኹን) ዝስዕብ ኢሎምና:

« إِنِّي تارك فِيكُمْ ثِقْلَين أَوَّلهُما كِتابُ الله فيهِ الهُدَى والنُّور فَخُذوا بِكتَابِ اللهِ وَتَمَسّكُوا بِهِ»

« ኣነ ምሳኹም ክልተ ከበድቲ ነገራት ገዲፈ ኣለኹ፡ እቲ ናይ መጀመርታ መጽሓፍ ናይ ኣላህ እዩ፡ ኣብ ውሽጡ መምርሕን ብርሃንን ዝሓዘለ እዩ'ሞ ንቁርኣን ኣትሪርኩም ሓዙ»

ናብ ቁርኣን ደፋፊኦም ናብኡ ውን ጻውዒት ጌሮም፡ ኣስዒቦም ከኣ:

«وَأَهْلُ بَيْتِي أذَكِّرُكُمُ الله في أهل بيتي أذكركم الله في أهل بيتي»

«ስድራይ ሓደራ፡ ስድራይ ብኣላህ የዘኻኽረኩም፡ ስድራይ ብኣላህ የዘኻኽረኩም» ኢሎም

ኣብ ካልእ ትርጓም ናይዛ ሓዲስ ብዛዕባ ቁርኣን :

هو حبل الله من تمسك به كان على الهدى ومن تركه كان على الضلال.

ንሱ ገመድ ናይ ኣላህ እዩ፡ ንዕኡ ኣትሪሩ ዝሓዘ ኣብ ቅኑዕ መንገዲ እዩ ዘሎ፡ ዝገደፎ ከኣ ኣብ መንገዲ ጥፍኣት እዩ ዘሎ። ኢሎም

ኣብዚ ኣርእስቲ ኣዝየን ብዙሓት ሓዲሳት ኣለዋ፡ ከምኡውን ካብ ሰሓባታትን ድሕሪኦም ካብ ዝነበሩ ሰብ ኢማንን ፍልጠትን ካብ ዝተሰማመዑሉ፡ ቁርኣን ኣትሪርካ ብዛዕባ ምሓዝን ብኡን ብመንገዲ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ምምራሕን ዝምልከት፡ እኹል ዝኾነ መረዳእታታት ስለዘሎ፡ ኣብዚ ጽሑፍ ካብ ምንዋሕ ኣድሒንና ኣሎ።

## እቲ ካልኣይ መሰረት ሕጋጋት ኢስላም: ካብ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ዝተረጋገጸን ካብ ብጾቶምን ድሕሪኦም ዝመጹ ሰብ ፍልጠትን ኢማንን ዝተረጋገጸ መልእኽቲ፡

ካብተን ምሁራን እስልምና ዝተሰማመዑለን ሰለስተ መሰረት ሕግጋት እስላም እቲ ካልኣይ ካብ ነበይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ዝተረጋገጸን ከምኡ ውን ካብ

ብጾቶምን ድሕሪኦም ካብ ዝመጹ ሰብ ኢማንን ፍልጠትን ዝተረጋገጸ መምርሒ እዩ፡ በዚ መሰረታዊ ዝኾነ መምረሒ ይኣምኑ ንመረዳእታ ይጥቀሙሉ ንህዝቢ ውን የምህሩዎ። ኣብዚ ኣርእስቲ ብዙሕ መጻሕፍቲ ውን ጽሒፎም እዮም፡ እዚ ኸኣ ኣብ መሰረት ናይ ፊቕሂን ሃዲስን ዝበሃል ዓይነታት ትምህርቲ ኣብሪሆሞ እዮም፡ ነዚ ዝሕግዝ መምርሒታት ቆጺርካ ኣይውዳእን ኣዩ፡ ካብቲ መምርሒታት ሓደ ንነቢይና ኣብ ምኽታልን ትእዛዞም ኣብ ምፍጻምን ዝወረደ ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን እዩ፡ እዚ ኸኣ ኣብ ግዚኦም ንዝነበሩን ብድሕሪኦም ንዝመጹን እዩ ዝምልከት፡ ምኽንያቱ ንሶም (ነቢይና ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ልኡኽ ኣላህ ናብ ኩሉ ስለ ዝኾኑን፡ ኩሎም ደቂ ሰባት ድማ መዓልቲ ትንሳኤ ክሳብ ዝበጽሕ ክስዕቡዎምን ትእዛዞም ኽትግብሩን ዝተኣዘዙ ስለ ዝኾኑን እዩ። ከምኡ'ውን ነቢይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ነቲ መብርሂ ዘድልዮ ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን ብቃላቶምን፡ ብተግባራቶምን፡ ብዘይ ተቃዋምንቶምን ኣብሪሆሞ እዮም፡ ሓዲስ ተዘይህሉ ነይሩ ሙስሊሚን ቑጽሪ ናይ ሰላት ረክዓን ኣፈጻጽምኡን ግዴታቱን ኣይምፈለጡን ነይሮም፡ ከምኡ'ውን ሕግታት ናይ ጾምን ዘካትን ሓጅን ጂሃድን ብሰናይ ናይ ምእዛዝን ካብ ሕሱም ምኽልካልን ብዝርዝር ኣይምፈለጥዎን ነይሮም፡ ከምኡ ውን ዝርዝር ሕግታት ናይ ምሻጥን ምልዋጥን፡ ከምኡ ውን ንሕግታት ኢስላም ንዝጠሓሰ ዝተቐመጠ መቕጻዕትታትን ብዛዕቡኡ ዝተዘከረ

ዓንቀጻት መብርሂ ክፈልጥዎ ኣይምኻኣሉን። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ካብ ዝዝከሩ ዓንቀጻት ሓንቲ፡ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣሊዒምራን:

﴿وَأَطِيعُوا اللَّهَ وَالرَّسُولَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ﴾

{ንኣላህን ንልኡኹን ተኣዘዙ ምእንታን ክርህረሃልኩም } ዝበላ እያ

ከምኡ'ውን ኣብ ሱረት ኣኒሳእ:

﴿يَاأَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا أَطِيعُوا اللَّهَ وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ وَأُولِي الْأَمْرِ مِنْكُمْ فَإِنْ تَنَازَعْتُمْ فِي شَيْءٍ فَرُدُّوهُ إِلَى اللَّهِ وَالرَّسُولِ إِنْ كُنْتُمْ تُؤْمِنُونَ بِاللَّهِ وَالْيَوْمِ الْآخِرِ ذَلِكَ خَيْرٌ وَأَحْسَنُ تَأْوِيلًا﴾

{ ኣንቱም ዝኣመንኩም ሰባት ንኣላህ ተማእዘዙ፡ ከምኡውን ንልኡኹን ካብ ውሽጥኹም ንሰበ ስልጣንን ተማእዘዙ፡ ኣብ ዝኾነ ነገር እንተ ተኻቲዕኩም ከኣ ፡ብኣላህን ብናይ መወዳእታ መዓልትን ትኣምኑ እንተኾይንኩም እቲ ዝተኻታዕኩሙሉ ነገር ናብ ኣላህን ልኡኹን ምለስዎ፡ ንሱ እቲ ዝሓሸን መወዳእታኡ ደስ በሃልን እዩ

} ይብል

ከምኡ'ውን ኣላህ ኣብታ ሱራ ኣብ ካልእ ዓንቀጽ:

﴿مَنْ يُطِعِ الرَّسُولَ فَقَدْ أَطَاعَ اللَّهَ وَمَنْ تَوَلَّى فَمَا أَرْسَلْنَاكَ عَلَيْهِمْ حَفِيظًا﴾

{ንልኡኽ ኣላህ ዝተኣዘዘ ሰብ ብርግጽ ንኣላህ ተኣዚዙ፡ ካብኡ ዝሃደመ ሰብ (ዘይተቀበሎ) ድማ ኣብ ልዕሊኦም ሓላዊ ጌርና ኣይላኣኽናካን (ብዛዕቦኦም ኣይትሕሰብ)}

ናይ ነቢይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ሱና ንመርትዖ ዘይበቅዕ ወይ ዘይተሓለወ እንተ ዝኸውን፡ ከመይ ጌርና ክንክተሎምን ክንእዘዞምን ምኻኣልና፡ በዚ ኣባሃህላ ኣላህ ናብ

ህላወ ዘይብሉ ነገር ተመልሱ እዩ ኢልና ማለት እዩ፡ እዚ ድማ ካብቲ ዝዓበየ ሓሶትን ክሕደትን እዩ፡ ብኣላህ ሕማቅ ምሕሳብ ውን ዝሓዘለ እዩ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣንናሕል:

﴿وَأَنْزَلْنَا إِلَيْكَ الذِّكْرَ لِتُبَيِّنَ لِلنَّاسِ مَا نُزِّلَ إِلَيْهِمْ وَلَعَلَّهُمْ يَتَفَكَّرُونَ﴾

{ ናባኻ ቁርኣን ኣውሪድና ምእንታን ንሰባት እቲ ናብኣቶም ዝወረደ ነገር ከተብርሃሎም ከምኡ'ውን ንኽስተንትኑ} ይብል

ከምኡ'ውን ኣብታ ሱራ:

﴿وَمَا أَنْزَلْنَا عَلَيْكَ الْكِتَابَ إِلَّا لِتُبَيِّنَ لَهُمُ الَّذِي اخْتَلَفُوا فِيهِ وَهُدًى وَرَحْمَةً لِقَوْمٍ يُؤْمِنُونَ﴾

{ቁርኣን ናብኻ (ነቢይ ሙሓመድ) ዘውረድናዮ'ኮ ምእንታን እቲ ዝፈላለዩሉ ነገር ንኸተብርሃሎምን ንዝኣምኑ ህዝብታት መምርሕን ርህራሀን ንክኾውን እዩ} ይብል

ናይ ነቢይ (ናይ ኣላህ ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) መምረሒ ተቀባልነት ዘይብሉ እንተኾይኑ ብኸመይ ኣላህ (ሱብሓነሁ ወተዓላ) እቲ ናብኦም ዘውረዶ ንኽበርሁ የጸግዓሎም ?

በተመሳሳሊ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረቱ ኣኑር:

﴿قُلْ أَطِيعُوا اللَّهَ وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ فَإِنْ تَوَلَّوْا فَإِنَّمَا عَلَيْهِ مَا حُمِّلَ وَعَلَيْكُمْ مَا حُمِّلْتُمْ وَإِنْ تُطِيعُوهُ تَهْتَدُوا وَمَا عَلَى الرَّسُولِ إِلَّا الْبَلَاغُ الْمُبِينُ﴾

{ን ኣላህ ተኣዘዙ ንልኡኹ ውን ተኣዘዙ በሎም እንተ ኣብዮም ግን እቲ ንዑኡ ግዴታ ዝኾኖ መልእኽቱ ምብጻሕ ጥራይ እዩ፡ እቲ ነዓኹም ግዴታ ዝኾነኩም ድማ እቲ ዝተኣዘዝኩሞ ምትግባር እዩ፡ እንተ ተኣዚዝኩሞ ግን

ክትምርሑ ኢኹም፡ ንልኡኽ ኣላህ ግዴታ ዝኾኖ ብግልጺ መልእኽቱ ምብጻሕ ጥራይ እዩ በሎም} ይብል

ከምኡውን ኣብዛ ዝሓለፈት ምዕራፍ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ:

﴿وَأَقِيمُوا الصَّلَاةَ وَآتُوا الزَّكَاةَ وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ﴾

{ሰላት ቀጥ ኢልኩም ስገዱ ምጽዋት ውን ሃቡ ንልኡኽ ኣላህ ውን ተኣዘዝዎ ምእንታን ክርህረሃልኩም} ይብል

ኣብ ሱረት ኣል ኣዕራፍ ድማ:

﴿قُلْ يَا أَيُّهَا النَّاسُ إِنِّي رَسُولُ اللَّهِ إِلَيْكُمْ جَمِيعًا الَّذِي لَهُ مُلْكُ السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضِ لَا إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ يُحْيِي وَيُمِيتُ فَآمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ النَّبِيِّ الْأُمِّيِّ الَّذِي يُؤْمِنُ بِاللَّهِ وَكَلِمَاتِهِ وَاتَّبِعُوهُ لَعَلَّكُمْ تَهْتَدُونَ﴾

{ ኦ ነቢይ መሓመድ በል፡ ኦ ኣንቱም ሰባት ኣነ'ኮ ናይቲ ንግስነት ሰማይን ምድርን ናቱ ዝኾነ ኣላህ ፡ብጀካ ንሱ ኣላህ -ዝምለኽ ኮነ ሂወት ዝህብን ዝወስድን ዘየለ-ልኡኽ ናይ ኣላህ እየ ናብ ኩሉኹም፡ ብ ኣላህን በቲ ምንባብን ምጽሓፍን ዘይኽእል ረሱል( ሉኡኽ) ብኣላህን ቃላቱን ኣማኒ ዝኾነ ነብይ እመኑ፡ ከምኡ ውን ስዓብዎ ምእንታን ናብቲ ቅኑዕ መንገዲ ክትምረሑ በሎም

} ይብል

ካብ ዝሓለፉ ዓንቀጻት ናብ ቅኑዕ መንገዲ ምምራሕን ናይ ኣላህ ርህራሄን፡ ንነብይና (ሰላትን ሰላምን ይኹኖም) ኣብ ምስዓብ ከምዝኾነ ብግልጺ ንርዳእ። እዚ ነገር ከመይ ኢሉ ምኾነ ብሱና (ናይ ነቢይ መምርሒ) ዘይስራሕ እንተዝከውን ወይ ተቀባልነት እንተ ዘይህልዎ፡ ብኸመይ ደኣ ኢና ንነቢይ (ሰላትን ሰላምን ይኹኖም) ክንኽተሎም።

ኣላህ ዓዘወጀል ኣብ ሱረት ኣንኑር:

﴿فَلْيَحْذَرِ الَّذِينَ يُخَالِفُونَ عَنْ أَمْرِهِ أَنْ تُصِيبَهُمْ فِتْنَةٌ أَوْ يُصِيبَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ﴾

{እቶም ካብ ትእዛዝ ኣላህ ዝጥሕሱ መከራ ወይ ኣቀንዛዊ መቕጻዕቲ ከይበጽሖም ይጠንቀቑ} ይብል

ኣብ ሱረት ኣልሓሽር ውን:

﴿وَمَا آتَاكُمُ الرَّسُولُ فَخُذُوهُ وَمَا نَهَاكُمْ عَنْهُ فَانْتَهُوا﴾

{መልእኽተኛ ዝሃበኩም ነገር ተቀበልዎ ካብ ዝኸልከለኩም ከኣ ተኸልከሉ} ይብል

በዚ ዙርያ ብዙሓት ዓናቅጽ እንትህልዋ ኩለን ማእዘዝቲ ነብይና ምፍጻም ንሰም ዘምጽኡዎ ምኽታል ናይ ግዲ ከምዝኾነን የረድኣ ኣብ ዝሓለፈ ዝረእናየን መረዳእታታት መጽሓፍ ናይ ኣላህ ምኽታልን ንዕኡ ኣስጢምካ ምሓዝ ማእዘዝቱን ኽልካለኡን ምኽባር ከም ዝግባእ የረደኣ። ንሳተን ከኣ ዘይፈላለያ መሰረት ናይ ኢስላም እንትኾና ካብ ክልቲአን ብሓደ ዝከሓደ ሰብ ብትካልኣይ ከምዝካሓደን ከምዘሐሰዎን ይኸውን እዚ ካኣ ኩፍርን ጥፍኣትን ካብ ኢስላም ምውጻእን ከምዝኾነ ኩሎም ሙሁራት ናይ ኢስላምን ሙእሚንን ተስማሚያሙሉ ኣለው።

በዚ ጉዳይ መልእኽቲ {ሓዲስ} ዝመጸ ካብ ነብይና ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም :_

መልእኽቲ ነብይና {ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም} ምኽባርን ንሰም ዘምጽኡዎ ምስዓብ ናይ ግድን ከምዝኾነ ንዐኦም ዘይምክታል ድማ ኩልኩል ከምዝኾነ ብዙሕ ኣሓዲስ መጺና። እዚ ምኽታል ካኣ ምስ ነቢይና ዝነበሩን ብድሕሪኦም

ንዝመጹ ሰዓብቱን ክሳብ መዓልቲ ትንሳኤ ዘለዉ ዝምልከት እዩ። አዚ ካኣ ኣብ ቡኻሪን ሙስሊምን ዝተረጋገጸ ካብ ሓዲስ ናይ ኣቡሁረይራህ {ረቢ ይፍተወሎም} ነብይና {ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም} ዝተዘረቡዎ እዩ:

«مَنْ أَطَاعَنِي فَقد أَطَاعَ الله ومَن عَصَانِي فقد عَصَى الله»

« ማእዘዝተይ ዝፈጸመ ሰብ ብርግጽ ማእዘዝቲ ኣላህ ከም ዝፈጺመ እዩ ከምኡ ውን ንዓይ ዘይተማእዘዘ ካኣ ብርግጽ ንኣላህ ከምዘይተማእዘዘ እዩ »

ከምኡ ውን ኣቡ ሁረይራህ ኣብ ዝሓበሩዎን ኣብ ቡኻሪ ብዘሎን ሓዲስ ነብይና {ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም}:_

«كلّ أمَّتي يَدخُلونَ الجنةَ إلا مَن أَبَى قِيلَ يا رسولَ اللهِ ومَن يَأبى قَالَ مَن أَطَاعَني دَخَلَ الجنة ومَن عَصَاني فَقد أَبَى»

« ኩሎም ሳዕብተይ ጀና ክኣትዉ እዮም ብዘይካ እቶም ዝኣበዩ ኦ ልኡኽ ናይ ኣላህ መን ኢዩ ዝኣብይ ንጀና ምእታው እሎም ምስታሓተቱ ማእዘዝተይ ዝፈጸመ ጀና ይኣቱ ዘይ ፈጸመ ካኣ ብርግጽ ንጀና ኣብዩ» ኢሎም

ኣሕመድን ኣቡዳውድን ኣልሓኪም ሰሒሕ ሰነድ ብዝበሎን ካብ ሚቅዳም ቢን ማዕዲ ከሪባ ዝበሃል ሰሓቢ ዝመጸና ሓዲስ ነብይና {ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም}:_

«أَلا إِنِي أوتِيتُ الكِتابَ ومِثْلَه مَعَهُ أَلا يُوشِكُ رَجلٌ شَبْعانُ على أريكَتِهِ يَقولُ عَليكمْ بِهذا القُرآنِ فَما وَجَدْتُمْ فيهِ مِن حَلال فأَحِلُّوهُ وَمَا وَجَدْتُم فيهِ مِن حَرامٍ فَحَرِّمُوهُ»

«ኣዋጅ ኣነ ብርግጽ ቁርኣን ተዋሂቡኒ ኣሎ ካልእ እውን ምስኡ ተመሳሳሊ ተዋሂቡኒ እዩ (ሓዲስ) ኣዋጅ ሓደ ጹጉብ ዝኾነ ሰብኣይ ኮፍ ኢሉ በዚ ቁርኣን ጥራይ ስርሑ ሓደራ ኣብኡ ዝረኸብኩሞ ማእዘዝቲ ፍቑድ ግበሩዎ ኣብ ውሽጡ

ዝረኸብኩሞ (ሓራም) ኩልኩል ከኣ ተኸልከሉ ንምባል ክቐርብ እዩ»

ኣቡ ዳውድን ኢብኑ ማጃን ሰሒሕ ብዝበሉዎ (ሓዲስ) ካብ ኢብኒ ኣቡ ራፊዕ ካብ ነብይና {ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም} ዝመጸና ሓዲስ

«لا أَلْفِينَّ أَحَدَكُم مُتّكِئًا عَلى أَرِيكتِهِ يَأتِيهِ الأمْرُ مِن أَمْرِي مَمّا أَمَرْتُ بِهِ أو نَهَيْتُ عَنْهُ فَيقولُ لا ندْرِي، ما وَجَدْنا في كِتابِ اللهِ اتَّبَعْنَاه»

«ካባኹም ሓደ ኣብ መኸዳ ተደጊፉ ኣነ ካብ ዝኣዘዝኩዎን ዝኸልከልኩዎን ነገራት ይበጽሖ ሞ ንሱ ግን ይብል ኣነ ኣይፈልጥን እየ ኣብ ቁርኣን ዝረኸብናዮ ጥራይ ኢና ንክተል ዝብል ከይርከብ» ኢሎም

ሓሰን ብን ጃብር ይብል ሰሜዕ ሚቅዳም ብን ማዕዲ ከሪባ (ረቢ ይፍተወሎም)- ከምዚ ክብል :

حَرّمَ رَسولُ الله -صلى الله عليه وسلم- يومَ خَيْبَر أَشْياءَ ثم قَالَ « يُوشِكُ أَحَدُكُم أَن يُكَذِّبَنِي وَهو مُتّكِئ يُحَدّث بحدِيثي فَيقولُ بَيْنَنا وَبَيْنَكُم كِتابُ اللهِ فما وَجَدْنَا فِيهِ من حَلالٍ اسْتَحْلَلْنَاهُ وَمَا وَجَدْنا فيه من حَرام حَرّمْنَاهُ ألا إنَّ مَا حَرّمَ رسُولُ اللهِ مِثْلُ مَا حَرّمَ الله»

« ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ኣብ ማዓልቲ ኸይበር ገለ ነገራት ከልኪሎም: ብምቕጻል ካኣ ሓዲኹም ዝተደገፈ ኮይኑ: ኣብ ሞንጎናን ኣብ ሞንጎኹምን መጽሓፍ ኣላህ ኣሎ ኣብኡ ዝረኸብናዩ ዝተፈቀደ ነገር ፉቑድ ንገበሮ ኣብኡ ኩልኩል ዝኾነ ካኣ ኩልኩል ንገብሮ ብምባል: ብናተይ ዘረባ እንዳተዛረበ ንዓይ ንምሕሳው ዝቐርብ ኣሎ። ኣዋጅ ልኡኽ ኣላህ ኩልኩል ዝገበሩዎ ኩሉ ልክዕ ከምቲ ኣላህ ኩልኩል ዝገበሮ እዩ» ኢሎም::

ኣልሓኪምን ቲርሚዚን ኢብኑ ማጃህን ትኽክለኛ ብዝኾነ ሰነድ(መንገዲ) ሓቢሮም።

ብርጉጽ ዝኹነ ሓዲስ ናይ ረሱል (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ኣብ ዝገብሩዎ ምኽራዊ መልእኽቲ እቲ ዝተረኸበ ሰብ ነቲ ዘየለ መልእኽቲ ንከብጻሓሉ ይእዝዙ ከምኡውን፡-

«ربّ مبلغ أوعى من سامع»

«ምናልባሽ ካብቲ ካባይ ዝሰመዐ እቲ ብድሕረይ ዝበጽሖ ሓዲስ ዝያዳ ይርዳእ ይኸውን » ከም ዝበሉ

ከምኡውን ካብተን ምኽሮም ገሊኤን ኣብ ቡኻሪን ሙስሊምን ኣብ ዘሎ ሓዲስ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ኣብ ናይ መሰናበቲ ሓጀም ኣብ ታሽዓይ ማዓልትን ዓስራይን ወርሒ ዙል ሕጃ ከምዚ ይብሉ:

«فليبلغ الشاهد الغائب فرب من يبلغه أوعى له ممن سمعه»

«እቲ ዝተረኸበ ነቲ ዘይተረኸበ መልእኽቲ የብጻሓሉ ምናልባሽ እቲ ብድሕረይ ዝበጽሖ ዘረባይ ዝያዳ ይርዶኦ ይኸውን ካብቲ ዝሰመዖ» ኢለሞም

እድሕር መንገዲ ናይ ነቢይና ንዝሰመዑን ንዝበጽሖምን መርትዖ ተዘይትኸውን ነይራ, ከምኡ'ውን ክሳብ መዓልቲ ትንሳኤ ጸናሒት ተዘይትኸውን ነይራ ንመጻኢ ወለዶ ንከመሓላልፍዋ ኣይ ምኣዘዞምን ነይሩ። በዚ ካኣ ንፈልጥ መንገዲ ነበይና ካብ ኣፎም ዝሰመዐን ከምኡ ውን ትኽክለኛ ብዝኾነ መንገዲ ዝበጸሖን መርትዖ ከም ዝኾነ ንርዳእ.

ብርግጽ እቶም ብጾት ናይ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) እቲ ሱና (መንገዶም)ናይ ቃሎም ይኹን ናይ ተግባሮም ይኩን ብምሕፋዝ ነቶም ድሕሪኦም ዝመጹ ተኸተልቶም (ታቢዒን) ኣብጺሖምሎም, ንሳቶም ካኣ ብተመሳሳሊ ነቶም ብደሕሪኡ ዝመጹ ኣብጺሖምሎም,ከምኡ ውን ብተመሳሳሊ እቶም እሙናት ምሁራን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣሰጋጊሮምሎም ኣብ መጽሓፎቶም ብምእካብ ትኽክለኛን ትኽክል ዘይኾነን ገሊጾም።እዚ ዝፍለጠሉ ሱና(መንገዲ) ፍሉጣት ዝኾና ሕግታትን ገሮም። ሙሁራት ናይ እስልምና መንገዲ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ዘምህራ መጽሓፍቲ ከም ቡኻሪን ሙስሊምን ካልኦትን ብትኹረት ተቐባቢሎምን, ኣላህ (ሱብሓነሁ ወተዓላ) ነቲ ዕዙዝ ዝኾነ ቁርኣኑ ሓሊዎ ካብ ተጻወትን ተላገጽትን ንትኽክለኛ መልእኽቱ ዝገድፉን ትኽክለኛ ትርጉሙ  ዘይህቡዎን ከም ዝተኻናኸንዎን ኣጸቢቆም ሓልየሞ እዮም። እዚ ካኣ ኣላህ (ሱብሓነሁ ወተዓላ) ኣብ ቁርኣኑ ንዝበሎ ንምርግጋጽ እዩ :_

﴿إِنَّا نَحْنُ نَزَّلْنَا الذِّكْرَ وَإِنَّا لَهُ لَحَافِظُونَ﴾

« ንሕና ባዕልና ንቁርኣን ኣውሪድናዮ ከምኡ ውን ንሕና ንዕኡ ብርግጽ ሓለውቱ ኢና»

መንገዲ ነብይና (ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም) ካብ ኣላህ ዝወረደ መምረሒ ከም ዝኾነ ጥርጥር የብሉን ስለዚ ካኣ ባዕሎ  ሓሊዎ ከምቲ ንቁርኣኑ ዝሓለወ ከምኡ'ውን ኣብ ዘይ ቦታኣ ዘቕምጡዋ ሓሰውትን ደናቁሩን ዘጽርዩን ዝቆጻጸሩን

ሰብ ፍልጠት ኣዳልውላ። እዚ ካኣ ኣላህ _ሱብሓነሁ ወታዓላ_ ንቁርኣን መተንተኒን ኣብ ውሽጡ ግልጺ ዘይኾነ መምረሕን መብረሂን ኣብ ቁርኣን ዘይተጠቐሰ ከም ሕግታት ናይ ምጥባው፣ ካብ ሕግታት ውርሲን፣ ሓንተ ሰበይቲ ምስ ኣሞኣን፤ ሓትነኣን ብሓደ ምእካብ ሓራም (ኩልኩል) ምዃኑን ካልኦት ኣብ ቁርኣን ዘይተገለጹ ኣብ ሩጉጽ ዝኮነ ሱና ዝሓዘትን ዝገለጸተንን ኣላህ ስለዝገበራ። ካብ ሰሓባን ካብ ተኸተልቶምን ናይ ተኸተልቶም ተኸተልትን ብድሕሪኦም ዝመጹ ሙሁራት ናይ ሃይማናት ከምዝተረጋገጸ። መንገዲ ነብይና ንምኽባርን ብኡ ምትግባርን ግድነትን ምኻኑ ኣጸቢቆም ገሊጾም:_

"ኣብ ቡኻሪን ሙስሊምን ኣብዘሎን ካብ ኣቡሁረይራ (ረቢ ይፍተወሎም) ኣብዝተሓበረ ሓዲስ ከምዚ ይብል:

لما توفي رسول الله -صلى الله عليه وسلم- وارتد من ارتد من العرب قال أبو بكر الصديق -رضي الله عنه- والله لأقاتلن من فرق بين الصلاة والزكاة، فقال له عمر -رضي الله عنه-: «كيف تقاتلهم وقد قال النبي -صلى الله عليه وسلم-:» « أمِرْتُ أَنْ أقَاتِلَ النَّاسَ حَتى يَقُولُوا لا إِلهَ إلا الله فَإِذا قَالوها عَصَمُوا مِني دِمَاءَهُم وَأَموَالَهُم إلا بحقِّها» فقال أبو بكر الصديق: أليست الزكاة من حقها والله لو منعوني عناقًا كانوا يؤدونها إلى رسول الله -صلى الله عليه وسلم- لقاتلتهم على منعها. فقال عمر -رضي الله عنه-: فما هو إلا أن عرفت أن الله قد شرح صدر أبي بكر للقتال فعرفت أنه الحق،

ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ኣብ ዝሞቱሉ እዋን - ካብ ዓረብ ብዙሓት ናብ ኩፍሪ ተመሊሶም_ ደሕሪኡ ኣቡ በክር (ረቢ ይፍተወሎም): ኣብ ሞንጎ ሰላትን ዘካን ዝፈላለየ ሰብ ክቃተሎ እየ ኢሎም፤ ዑመር (ረቢ ይፍተወሎም) ካኣ « ብኸመይ ትቃተሎም ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም)

(ንሰባት ላኢላሃ ኢለ ላህ ክሳብ ዝብሉ ከቃተሎም ተኣዚዘ እንተዳኣ ኢሎማ ካኣ ደሞምን ገንዘቦምን ካባይ ይሕልው ብናይ ኢስላም ግዴታ እንተዘይ ኮይኑ) እንዳበሉ» ኢሉዎም ኣቡ በክር ድማ: «ዘካት ካብ ናይ ኢስላም ግዴታ ኣይኮነትን ድያ? ኢሎም ሓቲቶሞ ። ብምቅጻል 'ውን ብኣላህ ይምሕል ንነብይና ዝህቡዎም ዝነበረ ወላ ውላድ ገመል ትኹን እንተ ከሊኦምኒ ምሃብ ክዋገኦም እየ ነታ ዝኣበዩኒ
» ኢሎም። ዑመር (ረቢ ይፍተወሎም): ኣላህ ንናይ ኣቡበክር ልቢ ናብ ሓቂ ከም ዝመረሖ ፈሊጠ። ኣብ ሓቂ ከምዘሎ 'ውን ፈሊጠ። ኢሎም

ብጾት ናይ ነብይና (ረቢ ይፍተወሎም) ድማ ተኸቲሎምዎ። ነቶም ካብ ኢስላም ዝወጹ ተዋጊኦሞም ናብ ኢስላም ክሳብ ዝምለሶ ነቶም ኣይንምለሰን ዝበሉ ካኣ ቀቲሎሞም። ኣብዚ ታሪኽ እዚ መንገዲ ነብይና ንምኽባርን ብኡ ድማ ምስራሕ ግድነትን ብግልጺ ዘርኢ መረዳእታ እዩ። ብተወሳኺ ሓንቲ ዓባይ ውሉድ ውላዳ ዝሞታ ብዛዕባ ዝግባኣ ውርሲ ንክትሓትት ናብ ኣቡ በክር (ረቢ ይፍተወሎም) መጺኣ ንሰም ድማ ከምዚ ኢሎም መለሱላ: ኣብ መጽሓፍ ኣላህ ወልሓደ ነገር የብልክን ፤ ከምኡ ውን ኣይፈለጥኩን ልኡኽ ኣላህ እንታይ ኢሎም ከምዝወሰኑልኪ ንሰባት ክሓትት እየ መለሱለን።

ብድሕሪኡ ንብጾት ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ሓቲቶም ካብኣቶም ገሊኦም ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ን ዓባይ ሓደ ካብ ሽድሽተ ከም ዝሃቡዋ ኣረጋጊጾምሎም ንሰምውን ብ ኡኡ ፈሪዶማ። ዑመር (ረቢ

ይፍተወሎም) ካኣ ነቶም ዝምድቡዎም ዝነበሩ መራሕቲ ካብ ሰሓባታት ኣብ ሞንጎ ሰባት ብቁርኣን ንክፈርዱ እቲ ፍርዲ ኣብ ቁርኣን እንተ ዘይ ረኺቦሞ ድማ ብሱና (ብመንገዲ) ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም) ንኽፈርዱ ይእዝዙዎም ነይሮም።

ሓንቲ ኣደ ሓደ ሰብ ኮነ ኢሉ ብማህረምቲ ይኹን ብኻልእ መጉዳእቲ ጥንሳ ክኸይድ ኣብ ዝገበረ እዋን ዝህሉ ፍርዲ ግልጺ ኣብ ዘይኾነሎም እዋን ንብጾት ነብይና _ሰላምታን ሞጎስን ይብጻሓዮም_ ሓቲቶምዎም። ሙሓመድ ቢን ሰልማንን ኣል ሙቒራህ ቢን ሹዕባን ዝበሃሉ ሰሓባታት _ረቢ ይፍተወሎም_ ነብይና ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ ባርያ ናጻ ንኽብል ከም ዝወሰኑ መስኪሮም ኣቡ በከር ካኣ ብኡኡ ወሲኖም።

በተመሳሳሊ ዑስማን _ረቢ ይፍተወሎም_ ሓንቲ ሰበይቲ በዓል ገዛኣ እንድሕር ሞይቱ ኣብ ገዝኣ ዕዳ ናይ ምቑጻር እቲ ፍርዲ ጉሉጽ ኣብ ዘይኮነሉ እዋን፡ ሓፍቲ ኣቢ ሰዒድ ፉረይዓህ ቢንት ማሊክ ቢን ሲናን ዝተብሃለት _ረቢ ይፍተወለን_ ነብይና _ሞጎሰን ሰላምታን ይብጸሓዮም_ በዓል ገዛኣ ምስሞተ ዕዳ ክሳብ ትውድእ ኣብ ገዛኡ ነክትጸንሕ ከምዝኣዘዝዋ ምስ ነገረቶ ብኡኡ ኣዚዙ።

ከምኡ 'ውን፣ ኣብ ልዕሊ ወሊድ ቢን ዑቅባ ቕጽዓት መስተ ኣብ ምፍጻም ብሱና (መንገዲ) ነብይና ፈሪዶም። ዓሊ _ረቢ ይፍተወሎም_ ዑስማን _ረቢ ይፍተወሎም_ ኣብ እዋን ሓጂ ተመቱዕ (ዑምራ ኣቕዲምካ ብድሕሪኡ ድማ ሓጅ ከተምጽእ) ምግባር ዑስማን ከምዝኽልክል ንዓሊ በጺሕዎም ዓሊ ኻኣ

ሓጅን ዑምራን ብሓደ ጌሮም። ከምዚ ኻኣ ይብሉ: ሱና (መንገዲ) ረሱል _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ንናይ ሓደ ሰብ ዘረባ ኢለ ኣይገድፍን እየ ኢሎም። ገለ ሰባት ን ኢብኒ ዓባስ ብዛዕባ ተመቱዕ (ዐምራ ኣቐዲምካ ኣብ ውሽጢ ወርሒ ሓጂ ምስዓብ) ኣቡ በክርን ዑመርን ሓጂ ንበይኑ ምግባር ከም ዘብልጹ ከም መርትያ ምስ ኣቕረቡሉ፣ ኢብኑ ዓባስ ካኣ ከምዚ በሉ: ብሰንኪ ዘረባኹም ኣብ ልዕሌኹም ካብ ሰማይ እምኒ ክወርደኩም ደሊኹም, ልኡኽ ኣላህ _ሞጎሰን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ኢሎም እንዳበልኩ ዶ ኣቡ በክርን ዑመርን ኢሎም ትብሉ, ኢሉ መለሱሎም። ንዘረባ ኣቡ በክርን ዑመርን ኢሉ መንገዲ ነብይና ዝገደፈ ሰብ መቕጻዕቲ ኣላህ ዝፍርሓሉ እንተድኣ ኾይኑ ካብ ኣቶም ንታሕቲ ዝኾነ ሰብ ናቱ ዘረባ ይኹን ወይ ናይ ባዕሉ ሪኢቶን ጽዕረትን ኢሉ መንገዲ ነብይና ዝገደፈ ሰብ መቕጻዕቲ ከመይ ክኸውን ይኽእል?፣ ገለ ሰብ ንዓብዱሏህ ቢን ዑመር ኣብ ገለ ሱና (መንገዲ) ነብይና እንተድኣ ተኻቲያሞ ዓብደሏህ ካኣ ከምዚ ኢሉ ይምልሰሎም: ንሕና ንዑመር ክንኽተል ዲና ተኣዚዝና ወይስ ሱና(መንገዲ) ነብይ?

ሓደ ሰብኣይ ንዒምራን ቢን ሑሰይን _ረቢ ይፍተወሎም_ ብዛዕባ ሱና (መንገዲ ነብይና) እንዳነገሮም 'ከሎ፣ ብዛዕባ ቁርኣን ንገረና ምስበሎ ብምቑጣዕ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም: ሱናህ(መንገዲ ነብይና )ናይ ቁርኣን መብርሂ እያ። ሱናህ ተዘይህሉ ነይሩ ዙህሪ ኣርባዕተረክዓ መቕሪብ ሰለስተ ፈጅሪ ክልተ ምዃኑ፣ ከምኡ 'ውን ፍርድታት ናይ ዘካትን ካልኦትን መንገዲ ነብይና ብዝርዝር ዝመጻናን ሕጋጋት ብዝርዝር

ኣይንፈልጥን ነይርና። ከምኡ 'ውን ብመንገዲ ሳሓባ _ረቢ ይፍተውሎም_ ዝመጸና ብዛዕባ መንገዲ ነበይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጸሓዮም_ ኣብ ምኽባርን ብእኡ ምስራሕን፡ ከምኡ 'ወን ምጥንቃቅ ካብ ኣንጻር ናቱ ምኻድ ኣጸብቁ ብብዝሒ ዘርዚርልና። ካብ ዝመጸና ካኣ፡- ዓብደሏህ ቢን ዑመር ዝስዕብ ቃል ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጸሓዮም_ ኣብ ዝብሉ እዋን:

﴿لا تَمْنَعُوا إِمَاءَ اللهِ مَسَاجِدَ اللهِ﴾.

« ደቂ ኣንስትዮ ን መስጊድ ክኸዳ ኣይትኸልክሉ »።

ካብቶም ደቁ ሓደ ብሽም ኣላህ እንዳማሓለ ክንኽልክለን ኢና ይብሎ። ዓብደሏህ ካኣ ኣዝዩ ብምቑጣዕ ቡርቱዕ ጸርፊ ጸሪፉዎ ኣስዒቡ 'ውን ከምዚ ይብል፡ ልኡኽ ኣላህ ኢሉ እንዳበልኩኻስ ወሏህ ክንኽልክለን ኢና ትብለኒ! ኢሉዎ ካብ ብጾት ነበይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጸሓዮም_ ሓደ ዝኾነ ዓብዱሏህ ቢን ሙቖፈል ኣል ሙዘኒ _ረቢ ይፍተውሎም_ ዝተባሃለ ገለ ካብ ኣዝማዱ ጸጸር እናደበረየ ምስራኣዮ ካብኡ ከልኪሎሞ ነብይና ጸጸር ምውርዋር ብምኽልካል ንሱ ንምህዳን ኣይ ጠቕምን ን ጸላኢ ኣየጥቅዕን ግና ስኒ ይሰብር ዓይኒ የጥፍእ ኢሎም ነገርዎ። ድሕራይ እዋን ብተመሳሳሊ ጸጸር እንዳ ደርበየ ይርእዎ'ሞ ወሏህ ፈጺመ አይዛረበካን እየ ልኡኽ ኣላህ ጸጸር ከልኪሎም እዮም እንዳ በልኩኻስ ደጊምካ ናብኡ ትምለስ? በልዎ።

ኢማሙል በይሃቂ ካብ ኣዩብ ኣሲኽስቲያኒ ዝባሃል ዓቢ ታቢዒን ኣብ ዝሓበሩዎ፡ ሓደ ሰብ መንገዲ ነብይና እንዳ

ነገርካዮ እዚ ገዲፍካ ቁርኣን ጥራይ ንገረና እንተ ኢሉካ ጡፉእ(ትኽክል መንገዲ ዝሰሓተ) ሙ኿ኑ ፍለጥ ኢሉ። ኢማሙል ኣውዛዒ _ረቢ ይርሓመሎም_ ከምዚ ይብል: ሱና(መንገዲ ነብይና )ንቁርኣን ተንታኒቱን ብሰፊሕ ዝተጠቀሰ ይቅይድን፡ ኣብኡ ዘይተጠቐሰ ነገር ድማ ይዝክር። ኣላህ _ሱብሓነሁ ወታዓላ_ ከመዚ ይብል:-

﴿وَأَنْزَلْنَا إِلَيْكَ الذِّكْرَ لِتُبَيِّنَ لِلنَّاسِ مَا نُزِّلَ إِلَيْهِمْ وَلَعَلَّهُمْ يَتَفَكَّرُونَ﴾

{ ናባኻ ቁርኣን ኣውሪድና ምእንታን ንሰባት እቲ ናብኣቶም ዝወረደ ነገር ከተብርሃሎም ከምኡ'ውን ንኽስተንትኑ} ይብል።

ከምኡ 'ወን ከምቲ ኣቀዲምና ዝጠቀስናዮ ቃል ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ :-

«أَلا إِني أُوتِيتُ الكِتابَ ومثلَه مَعَهُ»

«ኣነ ቁርኣን ተዋሂበ ኣለኹ ተመሰሳሊኡ 'ውን ምስኡ ( ሱና መንገዲ ነቢይና ማለት እዩ)»

በይሃቂ ካብ ዓምር ኣሻዕቢይ _ረቢ ይርሓመሉ_ ኣብ ዝሓበሩዎ ንገለ ሰብ:- ዘጥፉኣኩም ነገር 'ተሎ ኣሰር (መንገዲ ነቢይና) ምስትገድፋ ጥራይ እዩ ኢሎም፡

ኣብ ትኽክለኛ ሓዲስ ተዘኪሩ።

ከምኡ'ውን በይሃቂ ካብ ኣውዛዒ ረቢ ይርሓመሎም ኣብ ዝሓበሩዎ ንገለ ብጾቶም: ካብ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ መልእኽቲ እንተድኣ በጺሑካ ሕድርኻ ካልእ ዘረባ ከይተቐድም። መኽንያቱ ነብይና ኣብጻሒ ናይ ኣላህ መልእኽቲ ስለዝኾነ በልዎ።

ብተመሳሳሊ ኢማሙል በይሃቂ ካብቶም ዝተኸበሩ ኢማም ሱፍያን ቢን ሰዒድ ኣሰውሪ ረቢ ይርሓመሎም ኣብ ዝሓበሩዎ:- ፍልጠት ዝበሃልኮ ካብ ነብይና ዝተወረሰ ጥራይ እዩ። ኢማሙ ማሊክ ውን ረቢ ይርሓመሎም ከምዚ ይብሉ:- ኩልና ንጋገ መላሲን ተመላስን ኢና ብዘይካ በዓል እዛ ቐብሪ (ናብ ናይ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ቐብሪ እዳ መልከቱ) ከምኡ በሉ።

ኣቡ ሓኒፋ _ረቢ ይርሓመሎም_ 'ዉን ከምዚ ይብሉ: ካብ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ሓዲስ እንተመጺኡ

ኣብ ልዕሊ ርእስናን ዓይንናን እዩ ኢሎም።

ኢማሙ ኣሻፊዒ _ረቢ ይርሓመሎም_ ከምዚ ይብሉ: ካብ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ትኽክለኛ ሓዲስ ኣውርየ ብኡ እንተዳኣ ዘይሰራሕኩ ኣእሙረይ ከም ዝሰሓትኩ ይምስክረልኩም ኢሎም።

ከምኡ'ውን ረቢ ይርሓመሎም :- ሐደ ቃል እንተ ተዛሪበን ሓዲስ ናይ ነብይና ብ ኣንጻሩ እንተኾይኑ፡ ናተይ ቃል ምስ መንደቅ ኣጋጬዩዎ፡ በሉ።

ኣሕመድ ኢብኑ ሓንበል _ረቢ ይርሓመሎም- ካብኦም ዝመጸ ዘረባ ንገለ ብጾቶም:- ንዓይ ይኹን ንማሊክ ወይ ንሻፊዒ ኣይትካተል ካብቲ ዝወሰድናዮ (ቁርኣንን ሓዲስን) ውሰድ፡

ብተወሳኺ ኢማሙ ኣሕመድ _ረቢ ይርሓመሎም_ ይብሉ:- ናይ ሓዲስ ኣመጻጽኣ ካብ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ትኽክል ከም ዝኾነ ፈሊጦም ናብ ሪኢቶ

ሱፍያን ዝኸዱ ሰባት ይግረም ኣላህ _ሱብሓነሁ ወታዓላ_ ድማ ከምዚ ይብል:-

﴿فَلْيَحْذَرِ الَّذِينَ يُخَالِفُونَ عَنْ أَمْرِهِ أَنْ تُصِيبَهُمْ فِتْنَةٌ أَوْ يُصِيبَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ﴾

{እቶም ካብ ትእዛዝ ኣላህ ዝጥሕሱ ፊትና(መከራ) ወይ ኣቀንዛዊ መቕጻዕቲ ከይበጽሖም ይጠንቀቑ}። ኣስዒቦም ፊትና እንታይ ምዃኑ ትፈልጥ ዶ? ፊትና ዝበሃል ሺርኪ እዩ። ምናልባሽ ገለ ቃል ነብይና _ሞሳስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ይነጽግ 'ሞ ኣብ ልቡ ካብ ሓቂ ዘስሕት ነገራት ይሓድሮ 'ሞ ጥፉእ ይኸውን። ኢሎም

ኢማሙል በይሃቂ ዘዉረዮ ካብ ሙጃሂድ ቢን ጀብር ዝባሃሉ ዝተኸበሩ ታቢዒ ብዛዕባ ቃል ኣላህ ሱብሓነው ከምዚ ይብሉ:-

﴿فَإِنْ تَنَازَعْتُمْ فِي شَيْءٍ فَرُدُّوهُ إِلَى اللَّهِ وَالرَّسُولِ﴾

"«ኣብ ዝኾነ ነገር እንተዘይ ተራዳዲእኩም ናብ ኣላህን ናብ ረሱልን (ልኡኽ ኣላህ) ተመለሱ» ኣብ ዝበለ ቃል ኣላህ ናብ ኣላህ ምምላስ ማለት ናብ ቁርኣን ምምላስ እንተኾይኑ ናብ ልኡኽ ኣላህ ምምላስ ካኣ ናብ ሱና( መንገዶም) ምምላስ ማለት 'ዩ ይብሉ።

ኢማሙል በይሃቂ ካብ ኢማሙ ኣዙህሪ ረቢ ይርሓመሉ ኣብ ዝሓበሩዎ:- እቶም ዝሓለፉ ምሁራትና መንገዲ ነብይና ኣስጢምካ ምትሓዝ ነጻ የውጽእ። ይብሉ ነይሮም ኢሎም ከምኡ ውን ሙወፈቁዲን ኢብኑ ቁዳማ _ረቢ ይርሓመሎም- (ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ናይ መዝሃብ ኢማሙ ኣሕመድ ሙሁራን ዝኾኑ) ረውደቱናዚር ትባሃል መጽሓፎም ብዛዕባ

መሰረታዊ ሕጋጋት ኢስላም ኣብ ዝገልጹሉ እዋን ዝስዕብ ኢሎም:- ኢቲ ካልኣይ መሰረታዊ መርትዖ ብዛዕባ ሱና (መንገዲ) ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ እዩ ምስ በሉ፡ ቃል ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ መርትዖ ብዛዕባ ተኣምራት ሓቅነት ነቢይና ስለ ዘረጋገጸ ከምኡ 'ውን ኣላህ _ሱብሓነሁ ወታዓላ_ ማእዘዝቶም ክንፍጽምን ስለ ዝኣዘዘን ኣንጻር ናቱ ምኻድ ካኣ ስለ ዘጠንቀቐን።

እዚ ዘዳለናዮ ነጥቢ ኣብዛ መጽሓፍ በዚ ይዛዘም።

ኣልሓፍዝ ኢብኑ ከሲር ካብኦም ዝተረኸበ _ረቢ ይርሓመሎም_ ኣብቲ መጽሓፎም ምትርጋም ናይ ቁርኣን ከምዚ ዝስዕብ:-

﴿فَلْيَحْذَرِ الَّذِينَ يُخَالِفُونَ عَنْ أَمْرِهِ أَنْ تُصِيبَهُمْ فِتْنَةٌ أَوْ يُصِيبَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ﴾

{እቶም ካብ ትእዛዝ ኣላህ ዝጥሕሱ መከራ ወይ ኣቀንዛዊ መቕጻዕቲ ከይበጽሖም ይጠንቀቑ} ይብል። እቶም ማእዘዝቲ ነብይና ዝጥሕሱ ሰባት ንሱ ማለት መንገዶም ኣከያይዳኦምን መምሪሒኦምን እዩ። ስለዚ ክኣ ቃላትን ተግባራትን ብናቶም ቃልን ተግባርን ይምዘን ብእኡ ልክዕ ዝሰረሐ ቁቡል ይኸውን ብኣንጻሩ ዝኾነ ካኣ ናብቲ ባሃሊኡ ዝኾነ ይኹን ናብኡ ይምለስ (ተቀባልነት የብሉን)።

ኣብ ቡኻረን ሙስሊምን ካልኦትን ኣብ ዝተረጋገጸ ሓዲስ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ :-

«مَنْ عَمِلَ عَمَلًا ليسَ عَلَيهِ أَمْرُنا فَهُوَ رَدّ»

« መምረሒና ዘይብሉ ስራሕ ዝሰረሐ ሰብ ስርሑ ናብኡ ተመላሲ እዩ» ኢሎም።

ብውሽጡን ብደገኡን መንገዲ ነብይና ዝነጽግ ሰብ ይጠንቀቕን ይፍራሕን :

﴿أَنْ تُصِيبَهُمْ فِتْنَةٌ﴾.

«ፈትና ከይትረኽቦም»

እዚ ማለት ኣብ ልቦም ካብ ዝህሉ ኩፍሪን (ክሕደት) ንፍቅናን (ብልብኻ ኩፍሩ ብደገኻ እስላም ምግባር) ቢድዓን (ሓዲሽ ነገር ዘየለ ኣብ እስልምና ምፍጣር)።

﴿أَوْ يُصِيبَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ﴾.

«ወይ ኣቓንዛዊ መቕጻዕቲ ከይረኽቦም»።

እዚ ማለት ኣብዛ ኣዱንያ (ዓለም) ብምቕታል ወይ ረቢ ዝወሰና መቕጻዕቲን ወይ እስረትን ካልኦትን፡ ኢማሙ ኣሕመድ ካብ ዓብዱረዛቅ ካብ ማዕመር ካብ ሃምማም ቢን ሙነበህ ኣብ ዝሓበሩዎ ከምዚ ኢሎም ይነግሩና ኣቡ ሁረይራህ ካብ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ ከምዚ ይብሉ:-

«مثَلي وَمثَلُكمْ كمَثَلِ رجلٍ استَوْقَدَ نارًا فَلمّا أَضاءَتْ مَا حَوْلَهَا جَعَلَ الفراشُ وهَذِهِ الدّوابُّ اللائِي يَقَعْنَ في النَّار يَقَعْنَ فِيهّا وَجعَلَ يَحْجُزُهُنّ وَيَغلِبْنَهُ فَيَقْتحِمْنَ فِيَها قَالَ فَذَلِك مَثَلي وَمثَلَكمْ أَنا آخُذُ بحَجْزِكُم عَن النَّار هَلُمّ عَن النارِ فَتَغْلِبُوني وَتقْتَحِمُونَ فِيهَا»

«ናተይን ናትኩምን ኣብነት ልክዕ ከምቲ ሓዊ ዘንደደ ሰብኣይ ከባቢኡ ክተብርሃሉ ከላ ጽንብላልዕን ካልኦት ኣብ ሓዊ ዝኣትዋ እንስሳታት ብምእታው ንሱ ካኣ ክኽልክለን ይጽዕር 'ሞ ግን ስዒረነኦ ናብቲ ሓዊ ይኣትዋ ቀጺሉ ይብል እዚ ካኣ ኣብነት ናተይን ናትኩምን 'ዩ፡ ኣነ ናብ ሓዊ ከይትኣትው ይሕዘኩም ንስኻትኩ ካኣ ፈንጺግኩሙኒ ናብኡ ትኣትው »

ቡኻሪን ሙስሊምን ካብ ሓዲስ ናይ ዓብዱረዛቅ ዝሓበርዎ

ኣስ ስዩጢ _ረቢ ይርሓመሎም_ (ሚፍታሑል ጀናህ ፊል ኢሕቲጀጃ ቢሱናህ )ትባሃል መጽሓፎም ከምዚ ይብሉ:- ፍለጡ -ረቢ ርህራሀኡ የዉርደልኩም- መስፈርቱ ኣማሊኡ ንዝመጸ ቃላዊ ይኹን ተግባራዊ ሓዲስ ነብይና _ሞጎስን ሰላምታን ይብጻሓዮም_ መርትዖ ምኧኑ ዝካሓደ ሰብ ከም ዝከፍርን ካብ ናይ እስልምና ማእከል ከምዝወጽእን ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ ምስ ኣይሁድ ወይ ክርስቲያንን ምስ ዝደለዮ ጋንታ ከሓድቲ ይኸውን።

እዚ ዘዳለናዮ ነጥቢ ኣብዛ መጽሓፍ በዚ ይዛዘም።

መንገዲ ነብይና ምኽባርን ብኣ ምስራሕ ግድነትን ምኧኑ ንዓኣ ካብ ምንጻግ ድማ ምጥንቃቕን ካብ ሰሓባታትን ተኸተልቶምን ብድሕሪኦም ዝመጹ ሙሁራት እስልምናን ብዙሓት መልእኽቲ ኣለዋ እየን።

ኣብቲ ዝጠቐስናዮ ዓንቀጻት ናይ ቁርኣንን ሓዲስን መልእኽትታትን ሓቂ ንዝደሊ ሰብ እኹል እዩ። ንኣላህ ከኣ ንዓናን ንኩሎም ሙስሊማትን ናብ ዝፈትዎ ነገር ክገጥመና፡ ካብ ንዑኡ ዘቐጡዑ ነገራት ክሕልወና፡ ንኹላትና እቲ ቅኑዕ መንገዱ ክመርሓና ንልምኖ።ንሱ ልማነና ሰማዒን ቀረባን እዩ።

ኣላህ ንነብይና ምውዳሱን ሰላምን ኣብ ልዕሊ ባርያኡን ልኡኹን ዝኾኑ ነብይና ሙሓመድ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ኣዝማዶምን ብጾቶምን ብልክዕ ሰዓብቶምን የውርድ።

መዳለዊ:- ሸኽ ዓብዱልዓዚዝ ቢን ዓብዲላህ ቢን ባዝ _ረቢ ይርሓመሎም_

# الفهرس

ብሱና (መንገዲ) ረሱል (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ምሰራሕ ግድነት ኮይኑ ንዕኡ ዘይቕበል ድማ ካብ እስልምና ምውጽኡን ይምልከት፤.........2

ኣዳላዊ: ....................................................................................................2

መእተዊ ....................................................................................................2

ብይናት ኢስላም ኣብ ምቕማጥ ወሰንቲ ዝኾና መሰረታት፡.....................3

እቲ ቀዳማይ መሰረት: እቲ ክቡር ዝኾነ መጽሓፍ ናይ ኣላህ እዩ። ............3

እቲ ካልኣይ መሰረት ሕጋጋት ኢስላም: ካብ ነብይና (ሰላትን ሰላምን ይብጸሓዮም) ዝተረጋገጸን ካብ ብጾቶምን ድሕሪኦም ዝመጹ ሰብ ፍልጠትን ኢማንን ዝተረጋገጸ መልእኽቲ፡..................................................6

ti50v1.0 - 03/09/2026